# መልሲ ንምድንጋር “ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲ ኣፍሪቃ”

ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

**“ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት ኣፍሪቃ” “ወጥሪታት ትግራይ ንዞባዊ ግጭት ይዕድም” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብ3 ሚያዝያ 2025 ጽሑፍ ዘርጊሑ ነይሩ። ሕጂ ዝህቦ መልሲ ግን፡ ኣብ’ቲ ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት ኣፍሪቃን እቶም ብድሕሪት ኮይኖም ዘመሓድርዎ ወገናት ኮነ ኢሎም ካብ ክፉእ ሕሳባት ተበጊሶም ንኤርትራ ዝምልከት ዘውጽእዎ ጽሑፋትን ዘተኮረ ጥራሕ’ዩ ክኸውን። ይኹን’ምበር ኣብ ዝርዝር ቅድሚ ምእታወይ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ትዕዝብቲታት ምቕራብ ኣገዳሲ እዩ።**

**ቀዳማይ ትዕዝብቲ፦ “እዚ ኣብ 1999 ዝተመስረተ “ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት ኣፍሪቃ” ሽሙ ከም ዝሕብሮ ማእከል ኣፍሪቃ ዘይኮነስ፡ እቲ ሓቂስ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣሜሪካ ዝሰርሕ እስትራተጂያዊ ማእከል ኣሜሪካ እዩ። ስለዚ ኸኣ ብወድዓዊ ኣገላልጻ “ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት ኣሜሪካ ንኣፍሪቃ” ተባሂሉ’ዩ ክጽዋዕ ዝግብኦ። ኣብ ውሽጢ’ዚ ምልላይ ናይ’ዚ ዘደንጹ ማእከል’ዚ “ማእከል እስትራተጂ ኣፍሪቃ ኣካል ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣሜሪካ ዝኾነ ኣካዳሚያዊ ትካል ምዃኑ’ዩ ዝሕብር። ንኣፍሪቃ ዝምልከት ጸጥታዊ ጉዳያት ንምጽናዕ ብናይ ኣሜሪካ ኮንግረስ ዝተመስረተን ዝምወልን እዩ። “ወተሃደራውያንን ሲቪላን ዘሳትፍ ከም**

ክልተኣውን ብዙሕን ሽነኻት ምርምራትን ርክባትን ስልጠናታትን ምልውዋጥ ሓሳባትን ዝካየደሉ ማእከል እዩ።”

**ካልኣይ ትዕዝብቲ፦** እዚ ማእከል ኣሜሪካ'ዚ ዝዝርግሖ “መጽናዕቲ” ብተመራመርቱ ዝተፈረመ ብዘይምዃኑ ከኣ፡ ፈረምቲ ናይ'ቲ “መጽናዕቲ” ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣሜሪካን ምምሕዳር ዋሽንግቶንን ምዃኖም ርዱእ እዩ።

**ሳልሳይ ትዕዝብቲ፦** እቲ መጽናዕቲ ብቛንቛታት እንግሊዝኛን ፈረንሳኛን ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብ ቀረባ እዋን ከኣ ብዓረብኛ ክዝርጋሕ እዩ። ምኽንያቱ ኩሉ መጽናዕቲታት ናይ'ዚ ማእከል'ዚ ብሰለስተ ቛንቛታት'ዩ ዝዝርጋሕ። ብእንግሊዝኛ ጀሚሩ ብፈረንሳኛ ጸኒሑ ከኣ ብዓረብኛ ይሕተም።

**ራብዓይ ትዕዝብቲ፦** እቲ “መጽናዕቲ” ወድዓውነትን ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብን ዝጎደሎ እዩ። መጀመርያ ፍጻመ ተረኺቡ ኢሉ ክገልጽ ይጸንሕ'ሞ፡ ተመሊሱ ከኣ ኣብ ግምታትን ይመስለንን የውድቆ። ጸኒሑ ኸኣ ዝኾነ ምንጪ ከይጠቐሰ ብዘይፍለጡ ሰባት ጸለመታት ይፍኑ። በዚ ድማ ንኣንባቢ ኣብ ምጥርጣርን ጭንቀትን ስለዘእትዎ ንተኣማንነት ናይ'ቲ መጽናዕትን ማእከልን ዘጥፍእ እዩ።

## መልሲ ንምድንጋራት “ማእከል መጽናዕቲ ኣሜሪካ”

1- “ማእከል መጽናዕቲ ኣሜሪካ” ሓንሳብ ቦታ ከይወሰነ እንሓንሳብ ከኣ ኣብ ኢሮብን ሽረን ጉሎመኽዳን ወዘተ ዝተባህለ ቦታታት ትግራይ ሓይልታት ኤርትራ ኣለዉ ክብል ዘርጊሑ። እዚ ሓበሬታ'ዚ ግን ፍጹም ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ስድሪ መሬት ኢትዮጵያ'ውን ትኹን የለን። ከም ዝፍለጥ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ መጨረሽታ 20 ክፍለ ዘመን ብንጹር ተመልኪቱ እዩ። ኣብ 2006 እውን ብካርታታት ተሰንዩ ብኮኦርዲኔት ተመልኪቱ እዩ። ማእከል መጽናዕቲ ኣሜሪካ ድማ ካብ'ቲ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝወሰኖ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ዝመንጨወ ኣብ ደቂቕ ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ጭቡጥ መርትዖ ኣየቕረበን። ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ሓንሳብን ንሓዋሩን ተወሲኑ ስለዝኾነ ከኣ፡ ብዛዕባ ዶብ ዘዛርብ ጉዳይ የለን። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንሉኣላውን መሬታዊ ሓድነትን ሃገሩ

ክወርር ንዘመጽእ ሓይሊ ንምምካት ኣብ ዶባቱ'ዩ ዓሪዱ ዘሎ። ታሪኽ ከም ዝምስክሮ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነታ 1991 ጀሚራ ንዝኾነት ጎረቤት ሃገር ኣይወረረትን። ብኣንጻሩ ግን ብገለ ጐረባብቲ ሃገራት ተጻብኦ ኣጋጢሙዋ እዩ። ኤርትራ ዝገበረቶ ካብ ነፍሰ ምክልኻል ዝሓልፍ ኣይኮነን። ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 2006 ብኮምሽን ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ብመገዲ ኮኦርዲኔት ካርታታት ብንጹር እንተ ዘይውሰን ነይሩ፡ ምናልባት ማእከል መጽናዕቲ ኣሜሪካ ዘውጽኦ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን ሓበሬታ ንኹሉ ሰብ'ኳ እንተ ዘይበልና ንገለ ሰባት ከደናግር ምኸኣለ ነይሩ። ሕጂ ግን ንኸምኡ ዓይነት ዕድል ዝህብ ኣይኮነን። ሎሚ ኣብ መንጐ ጻዕዳን ቀይሕን መስመራት ዘሎ ፍልልይ ብሩህ እዩ። መሃዝቲን ኣመሓደርቲን ሽግራት፡ ውግኣትን ህውከትን ክብለጽሉ ዝኽእሉ ነቃዕ ይኹን ሃጓፍ የለን።

2-ኣብ'ቲ "ማእከል መጽናዕቲ ኣሜሪካ ዝዘርግሖ ጽሑፍ፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ግርጭት መራሕቲ ትግራይ ክትኣቱ ትኽእል'ያ ይብል። እዚ ድማ ናይ'ቶም ነቲ "ማእከል ዘመሓድሩ ሕማቕ ድሌት ዘንጸባርቕ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልእ ድማ ኣብ ፖሊሲ ኤርትራ ጉትይ ግምት ከምዘለዎም የረድእ። ኣብ ውሽጢ ፌደራላዊ ክልል ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ነገራት ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዝምልከት እዩ። ብቀረባ ይኹን ብርሑቕ ንኤርትራ ዝምልከት ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ እቲ "ማእከል" ንኤርትራ ኣብ ዘይምልከታ ጉዳይ ከእትዋ ምፍታኑ፡ ኣብ መንጐ ክልቲኣን ሃገራት ሽግር ንምፍጣርን ሰላም፡ ርግኣትን ጸጥታን ዞባና ንምህዋኽን ዘለዎ ድሌት ጥራሕ'ዩ ዘንጸባርቕ። በቲ ካልእ መዳይ ከኣ እቲ "መጽናዕቲ" ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምውላዕ ዘለዎ መደብ ዘብርህ እዩ። ኤርትራ ግን፡ ነቲ መሃዝቲ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ፍንውነት ግዜ እንተ ረኺቦም ንዝተፈላለየ ኣጀንዳታቶም ንምዕዋት ዝኣልምዎ ሓደገኛ ሲናርዮታት ከተኣንግድ ድልውቲ ኣይኮነትን። ከምዚ ዝኣመሰለ ዝተፈላለየ ዕላማታት ዘለዎ ኣጀንዳታት ኣብ ኣፍሪቃ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ካልኦት ኣህጉራት ዓለምና ከይተረፈ'ውን ዝፍጽምዎ ዘለዉ እዩ። ነዚ ዘረጋግጽ ከኣ ብዙሕ ኣብነታት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ኣህጉራትን ኣሎ።

3- "ማእከል ኣሜሪካ" መዓልቲ ይኹን ወርሒ ወይ'ውን ዓመት ከይጠቐሰ "ኤርትራ ዜጋታታ ድልዋት ኮይኖም ክጸንሑ ኣዚዛ" ክብል ገሊጹ። ምንጪ ናይ'ዚ ሓበሬታ መን ምዃኑ'ውን ኣይገለጾን። ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ዝተማህዘ ውጹእ ሓሶት ስለዝኾነ ምንጪ የብሉን። ኤርትራ ንሉኣላውነታን ጸጥታኣን ዘስግእ ሓደገኛ ተርእዮ እንተ ኣጋጢሙዋ ዜጋታታ ድልዋት ንምግባር መሰላን ግቡኣን ስለዝኾነ፡ ንምዝርግሑ ምስጢራዊ መልእኽቲ ዘድልያ ኣይኮነን። ኩሉ ኣድላዩ ዘበለ ስጉምቲታት ኣብ ቅድሚ ሃገራዊ፡ ዞባዊ፡ ክፍለ

ዓለማውን ኣህጉራውን ርእይቶ ብዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና፡ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ብኻልእ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ኣገባባትን ብግህዶ'ያ እትወስዶ። ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታት ብዛዕባ ዘጋጥም ምዕባለታት ምሉእ ሓበሬታ ረኺቦም ንሃገራቶምን ውድባቶምን ንኽሕብሩ ኸኣ ኣኼባ ጸዊዓ ክትሕብሮም ትኽእል እያ።

4-እቲ መጽናዕቲ "ኢትዮጵያን ኤርትራን ናብ ኲናት ዝኣትዋ ኣይመስለንን" ይብል። ኲነታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብማዕረ ክትርእዮ ድማ ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብዋጋ ሉኣላውነት ገማግም ባሕሪ ዘለወ ሃገራትን ንኣህጉራዊ ሕግታትን ዞባዊ፡ ክፍለ ዕለማውን ኣህጉራውን ውዕላትን ቻርተራትን ብምግሃስ ብሓይሊ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ንምርካብ ዝፍክርን ዝህድድን ወገን፡ ምስ'ዛ ድሕሪ ናይ ሰለስተን ፈረቃን ዕቑዳት መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ናጽነታ ዝመንዝዐትን ኣብ ነፍሰ-ምክልኻል እንተ ዘይኮይኑ ዞባውን ኣህጉራውን ቻርተራትን ውዕላትን ክኽበርን ፍልልያት ብሓይሊ ዘይኮነስ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍታሕን እትሓትት ሃገረ ኤርትራ ብማዕረ ክትርእዮ ፍትሓዊ ኣይኮነን።

## ኤርትራ ንቀንዲ ነጥቢታት ተነጽር



መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ነቶም ኣብ መንጐኡን ካልኦት ሃገራትን ኲናት ወይ ሽግር ንምፍጣር ዝቀዳደሙ ወገናት ዕድል ንምኽላእ፡ መርገጺኡ ኣብ'ቲ ዝቀርብ ኣርእስቲ ካብ ምንጻር ድሕር ኣይብልን እዩ። ኣብ'ዚ መጨረሻታ እዋን እዞም ብኲናትን ዕንወትን ሽግር ህዝብታትን ዝነግዱ ወገናት ብመገዲ ማእከል መጽናዕቲታትን ትካላት ጸጥታን ማዕከናት ዜናን ኣቢሎም ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ኲናት ነጋሪት ክድስቑ ይርከቡ። ነቲ ቐዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ "ጉዳይ

ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ህልውና ጉዳይ'ዩ" ክብል ዝሃቦ መግለጺ ክደጋገሙ ይርከቡ። በዚ መዳይ'ዚ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ንኽመጽእ ዝኽእል ግጭታት ብኣጋኡ ንምዕጋት፡ ነቲ ናይ ሓሶት ክሲታት ንምቅላዕን ሓቂታት ብምድማቕ ነቲ ውጽኡ ሓሶታት ንምኽሻሕን ብ18 መጋቢት 2025 ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ፡ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታት ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣኼባ ብምክያድ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ'ውን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ጉዳያት መርገጺ ኤርትራ ኣነጺሩ። ንሳተን ከኣ፦

1-ኤርትራ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኩናት ንምክያድ ትዳሎ ኣላ ዝብል መግለጺታት ።
2-መርገጺ ኤርትራ ኣብ "ስምምዕ ፕሪቶርያ" ።
3-ኣፍ-ደገ ባሕሪ ንምርካብ ዘሎ ጽላለ ኢትዮጵያን ምስኡ ዝተተሓሓዘ ዲፕሎማስያዊ ዘመተን ወተሃደራዊ ፈኸራታትን ።

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ከኣ፡ ንነገራት ብኸምዚ ዝስዕብ ንጹር ነጥቢታት ኣብሪሁዎ።
1- "ኩናት ኣብ ሕዳር 2022 ደው ምስ በለ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብቐጥታ ኣብ'ቲ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ዶባት ኤርትራ'ዩ ተመሊሱ። ስለዚ ከኣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ኣሎ ዝብል ወገን፡ ንኤርትራ ሓላፍነት ውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ንምስካማ ዝፍትን ወይ ዝደሊ ሓይሊ ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል።

2-መንግስቲ ኤርትራ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ከም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ስለዝርእዮ ኣብኡ ክኣቱ ፍጹም ኣይደልን እዩ።

3- "መንግስቲ ኤርትራ ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝካየድ ዘሎ ቁርቁስ ዝኾነ ይኹን ተራ የብሉን። ስለዚ ኸኣ ካብዚ ብዝተፈልየ መገዲ ዝቐርብ ክሲ ወይ ጸለመ ብትሪ ይነጽግ።"

4- "ኤርትራ፡ በዚ ኢትዮጵያ ተቕርቦ ዘላ ብዲፕሎማሲ ወይ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናብ ባሕሪ ናይ ምብጻሕን መደበር ሓይሊ ባሕሪ ናይ ምቛምን ኣደናጋሪን ኣረጊትን ባህጊ ኣመና ከም ዘደንጸዋ ብምምልካት፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንኢትዮጵያ

ንሉኣላውንትን ሰላምን ጐረባብታ ሃገራት ንኽተኽብር ኣብ ልዕሊኣ ጸቕጢ ክገብር ተዘኻኽር። »

ካብዚ ክንርድኦ እንኽእል ከኣ ኣብ መንጐ መርገጺ ኤርትራን መርገጺ ኢትዮጵያን ብመትከልን ትሕዝቶን ዓቢ ፍልልይ ከም ዘሎ እዩ። ክልቲኡ ፖሊስታት ኣብ ኩሉ መዳያትን ደረጃታትን ዘይራኸብ ተጻራሪ ብምዃኑ ከኣ ከተነጻጽሮ ዘኽእል ናይ ሓባር ረቛሒ የብሉን። ስለዚ ኣብ መደምደምታ፡ ሓቂ እቲ ቅኑዕ ጥራሕ ምዃኑ ክንሕብር ንፈቱ።

8 ሚያዝያ 2025